“እቲ ንመንግሥቲ ኣምላኽ ከም ሕፃን
ኮይኑ ዘይተቐበላ፥ ከቶ ኸም ዘይኣትዋ
ብሓቂ እብለኩም ኣለኹ።”
ማርቆስ 10:15

እዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ ቃል እዚ፥ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርቶስ ባዕሉ ዝተዛረቦ ቃል እዩ። ነዚ ቃል እዚ ብፍሉይን ብተገዳስነትን የጽንዖ ኣብ ዝነበርኩሉ ኣጋጣሚ፥ ፈለማ እቲ ኣብ መንጎ ሕፃንን መንግሥቲ ኣምላኽን ዘሎ ዝምድና እየ ክርኢ ፈቲነ። ክርስቶስ ኢየሱስ “... ከም ሕፃን ኮይኑ ዘይተቐበላ...” ክብል እንከሎ፥ መንግሥቲ ኣምላኽ ድሮ ተዋሂባ ከም ዘላ ግና ዝቕበላ ኣካል ከም እትደልይ ኸኣ ተዓዚበ። እዚ ማለት እቲ ወሃቢ ኣካል (ኣምላኽ) ናይ ምሃብ ሓላፍነቱ ድሮ ፈጺሙስ፥ ሕጂ ግና ነዛ መንግሥቲ እዚኣ ዝቕበላ ኣካል ይጽበ ከም ዘሎ እዩ ዘመልክት። ብድኅሪ እዚ ኣርእስቲ እዚ ኸኣ ናይ ሕፃናት ባህርይ ከጽንዕ ፈቲነ። ካብቲ ዝተዓዘብክዎ ናይ ሕፃናት ባህርይ ንሕጂ ገለ ሠለስተ ነጥብታት ጥራይ ክጠቅስ፦

- ሕፃናት ገርሂ ልቢ ኣለዎም፥ ስለዚ ድማ እዮም ዋላ እኳ እንተተበደሉ ብናይ እዋኑ እምበር ብናይ ሕሉፍ ነገር ዘይሓስቡን ዘይጭነቑን።
- ሕፃናት ኣብ ልዕሊ ወላዲኦም ምሉእ እምነት ኣለዎም።
- ሕፃናት ተዕቢት ጨሪሱ ስለዘይመልኮም፥ ኣዕሩኽ ኣብ ምልካይ ኣዝዮም ቅልጡፋት እዮም።

እስከ ብዛዕባ እዛ ናይ መወዳእታ ነጥቢ ገለ ጭቡጥ ኣብነት ኣልዒለ ክዛረብ።

ኣብ ወርሒ ሕዳር 2009 ዓ.ም.እዩ ዝነበረ እቲ ግዜ እቲ። ኣብ ሕይወተይ ፍሉይ ጦብላሕታ ዝገደፈ ናይ ጓል 11ዓመት ሕፃን ኢዮሩሳሌም ጓለይ ጉዳይ እየ ከዕልለኩም። ንመጀመርታ ግዜ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ኢትዮጵያ ብኣካል ዝበጻሕኩላ ግዜ ምኻኑ እዩ እቲ ግዜ እቲ። ብእግርና ብጎደናታት ኣዲስ ኣበባ ሸናዕ እናበልና ኣብ ንጉዓዘሉ ሓደ ሓደ ግዜ፥ ንሳ ኣብ ማእከል መንገዲ ብዙኅ ሳዕ ደው ከተብለኒንን ምስ ሓለፍቲ መንገዲ ኸኣ ከተዕልልን  ይዕዘባ ነበርኩ። ሕፃናት ምስ ዝሓዙ ወለዲ ኸኣ ብፍላይ ደው ኣቢላ ከተዕልሎም ትጸንሕ እሞ፥ “ኣቐዲምኪ ትፈልጥዮም ጸኒሒኪ ነዞም ሰባት፧” ብማለት ኣብ ዝሓተትክዋ ነፍስ ወከፍ ግዜ፥ “ኣይ ኣሁን ነው የተዋወቅኋቸው” እዚ ማለት “ኣይ ሕጂ እየ ተላልየዮም” ብምባል ትምልሰለይ። ብግርህነታን ብቕልጡፍ ናይ ምልካይ ባህሪኣን ድማ ግርም እብለኒ።

ናብ ሕይወትና ንመለስ። ብዛዕባ ናይዘን ክልተ ኣኃት ሃገራት፥ ኤርትራን ኢትዮጵያን ናይ መጻኢ ዝምድናን ዲፕሎማሲን ብዝምልከት ርእይቶኦም ንኽልግሱለይ ሕቶ ዘቕረብኩሎም ገለ ሰባት፥ ምስ ናይ ቅድሚ ዓሠርተ ክልተ ዓመታት ዝነበረ ስምዒትን ሃዋሁን ኣዋዳዲርካ፥ ኣብዚ ግዜ እዚ ካብ ዝበዝሑ ኣዎንታዊን፥ ናይ ሠናይ ምንዮትን ዓይነት ርእይቶ እየ ዝረከብ። ይኹን እምበር ካብ ገለ ገለ ውሑዳት ሰባት ግና “እዚኦም ዶ ሰባት እዮም፧ ድኅር እቲ ናይ 1998 ዓ.ም. ኹሉ ግፍዒን መስጐግቲንከ እንታይ ክንጽበ፧” ወዘተ ብምባል ነቲ ብሰንኪ ግጉይ ውሳነታትን ፓሊሲታትን መራሕቲ ክልቲኣን ሃገራት ቅድሚ 12 ዓመታት ዘጋጠመ ዘይሓላፍነታዊን ዘሐዝንን ፍጻመ ብነድሪ ይጠቕሱለይ። ነዞም ሰባት እዚኦም “ኣምላኽ፥ ከም ናይ ኢዮሩሳሌም ጓለይ ቅልጡፍ ምሕረት ዝገብር ልቢ ይሃብኩም” ብምባል ሠናይ ምንዮተይ ጥራይ እየ ዝገልጸሎም።

ሠናይ ቅነ!

ዲያቆን ኢያሱ(ኦባማ)(Please visit our family website on http://www.ozovoh.org/ or contact M: 0401939247 (3-Service)